# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ናይ ሳኪማ መዝሙር

Skriven av: Ursula Nafula
Illustrerad av: Peris Wachuka
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons Erkännande 4.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/4.0/deed.sv

# ናይ ሳኪማ መዝሙር




Ursula Nafula
Peris Wachuka
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 3



ሳኪማ ምስ ወለዱን ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድሚኣ ሓፍቱን ይነብር ነበረ። ኣብ መሬት ናይ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ይነብሩ ነበሩ። እታ ብሳዕሪ ዝተኸፍከፈት ኣጕዶኦም ኣብ መወዳእታ ናይ መስርዕ ኣግራብ እያ ተደኵና።






እቲ ሃብታም ሰብኣይ ንውዱ ዳግም ምርኣዩ ኣዝዩ ተሓጒሰ። ስለዘጸናንዖ ንሳኪማ ሸለሞ። ኣዒንቲ ሳኪማ መታን ዳግም ክርእያ ድማ ንወዱን ንሳኪማን ናብ ሕክምና ወሰዶም።



ልክዕ ኣብታ ግዜ'ቲኣ ክልተ ሰብኡት ኣብ ቃሬዛ ሓደ ሰብ ተሰኪሞም መጹ። ወዲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ተቐጥቂጡ ኣብ ጸግዒ ጽርግያ ተደርብዩ ረኺቦሞ ነበሩ።






ሳኪማ ወዲ ሰለስተ ዓመት እንከሎ፡ ሓሚሙ ብርሃን ኣዒንቱ ሰኣነ። ሳኪማ ውሕሉል ወዲ እዩ ዝነበረ።



ሳኪማ ካልኦት ደቂ ሽዱሽተ ዓመት ቈልዑ ክገብርዎ ዘይክእሉ ነገራት ይገብር ነበረ። ንኣብነት፡ ምስ ዓበይቲ ደቂ ዓዱ ኮፍ ኢሉ ብዛዕባ ኣገደስቲ ጉዳያት ክመያየጥ ይኽእል ነበረ።





ሳኪማ መዝምሩ ምዝማር ወዲኡ ክምለስ ተበገሰ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ግና እናጐየየ ወጺኡ፡ “በጃኻ እንደገና ዘምር።” በሎ።



እቶም ሰራሕተኛታት ካብቲ ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ኣቋረጹ። ናይ ሳኪማ ምኡዝ መዝሙር ክሰምዑ ጀመሩ። ሓደ ሰብኣይ ግን ከምዚ በለ “ንጕይታና ከጸናንዖ ዝኽኣለ ዋላሓደ የለን። እዚ ዕዉር ቈልዓ’ኸ ከጸናንዖ ድዩ ዝሓስብ ዘሎ?”






ወለዲ ናይ ሳኪማ ኣብ ገዛ ናይቲ ሃብታም ሰብኣይ ይሰርሑ ነበሩ። ጋሕጋሕ ንግሆ ካብ ገዝኦም ይወፍሩ ምሸት ምስጸልመተ ድማ ይምለሱ ነበሩ። ሳኪማ ምስ ንእሽቶ ሓፍቱ ኣብ ቤት ይተርፍ ነበረ።



ሳኪማ መዛሙር ምዝማር ይፈትው ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣዲኡ፡ “ኣበይ ኢኻ ትመሃሮ ዘለኻ እዚ መዛሙር፡ ሳኪማ” ክትብል ሓተተቶ።





ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓቢ መስኮት ደው ኢሉ እታ ዝፈትዋ መዝሙር ክዝምር ጀመረ። ቀስ እናበለ እቲ ሓለቃ ናይቲ ሃብታም ሰብኣይ በቲ ዓቢ መስኮት ክቕልቀል ጀመረ።



ንጽባሒቱ፡ ሳኪማ ናብቲ እንዳ ሃብታም ሰብኣይ ክትመርሖ ነታ ንእሽቶ ሓፍቱ ሓተታ።





ሳኪማ ከምዚ ክብል መለሰ፡ “ሱቕ ኢሉ እዩ ዝመጻኒ፡ ኣደይ። ኣብ ርእሰይ እሰምዖ ሽዑ እዝምሮ።”



ሳኪማ ንንእሽቶ ሓፍቱ ክደርፈላ ይፈትው ነበረ፡ ብፍላይ፡ ጥሜት እንተተሰሚዕዋ። ነታ ዝፈትዋ መዝሙር ክዝምራ ከሎ ሓፍቱ ትሰምዖ ነበረት። በቲ ዘህድእ ጣዕመ ዜማ ትቔጻጸይ።





እንተኾነ ግና፡ ሳኪማ ተስፋ ኣይቈረጸን። ንእሽቶ ሓብቱ ድማ ደገፈቶ። ከምዚ ድማ በለት፡ “ናይ ሳኪማ መዛሙር ክጠምይ ከለኹ የተሃዳድኡኒ እዮም። ነቲ ሃብታም ሰብኣይ’ውን ከጸናንዕዎ ይኽእሉ እዮም።”




“ክዝምረሉ እኽእል እየ። ዳግም ክሕጐስ ይኽእል ይኸውን እዩ።” ክብል ሳኪማ ንወለዱ ነገሮም። ወለዱ ግን ከበር ኣይሃብዎን። “ንሱ ኣዝዩ ሃብታም እዩ። ንስኻ ድማ ሓደ ዕዉር ቈልዓ ኢኻ። መዝሙርካስ ክሕግዞ ይኽእል’ዩ ኢልካ ትሓስብ?”





“ደጊምካ ደጋጊምካ ክትዝምራ ትኽእል’ዶ፡ ሳኪማ” ብምባል ሓፍቱ ትልምኖ። ሳኪማ ሕራይ ኢሉ ደጋጊሙ ይዝምረላ።



ሓደ መዓልቲ ወለዱ ናብ ገዛ ምስተመልሱ፡ ዝን ኢሎም ነበሩ። ሳኪማ ገለ ጸገም ከምዝነበረ ተረደአ።





“እንታይ እዩ እቲ ጸገም፡ ኣደይ፡ ኣቦይ?” ክብል ሳኪማ ሓተተ። ሽዑ ወዲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ከምዝጠፈአ ነገርዎ። እቲ ሰብኣይ ሓዚኑን ብጽምዋ ተበሊዑን ነበረ።